ብመጀመርያ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ንኩሉ ሃገራዊ ዜጋ ብሓደ ዓይኒ ዘገድስ ብሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ዝተወደበ መደብ ብስም ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ንግስነት (United Kingdom) መልእኽቲ ከቕርብ ዝስመዓኒ ሓበንን ሓላፍነትን ደረት የብሉን። ልዕሊ ኩሉ ከኣ እቲ ሕቶ ድሕነት ሃገር ዝምልከት ብምዃኑ ኢዩ። ኣብዚ ኣኼባዚ መ*ሳርዕና ንምስማርን ብግብሪ ድማ ቀጻሊ መኸተና ማእዝን ንምትሓዝን* ሓሙሽተ ጉዳያት ከልዕል እየ።

- ኣብ ባይታ ተጋሂዱ ዘሎ ከም ወትሩ መኸተ ዝጥለብ ሓቅታት
- ኤርትራዊ መኸተን ዓወትን - ኣንጉዕ ናይቲ ምስጢር
- ኣመት ቀጻሊ መኸተ
- ኣንፈት መኸተን ልምዓትን ንርጉጽ ዓወት
- ኣተሓሕዛ ህዝባዊ መኸተ ኣብ ሕቡራት ንግስነት

*ኣብ ባይታ ተጋሂዱ ዘሎ ከም ወትሩ መኸተ ዝጥለብ ሓቅታት!*

ስርዓት ወያኔ ብዶባዊ ምስሕሓብ፡ ብፍላይ ድማ ብባድመ ኣሳቢቡ ኩናት ይወልዕ'ምበር፡ *መስርሕ ዝሓለፈ 10-ዓመታት ዘግሃዶ ምዕባሌታት ግን* ኣሎ።

- መኻት ዓመጽ ብመኸተና ፈሺሉ ዶባዊ ሽግር ብኣህጉራዊ ሕጊ ጥራይዩ *ተፈቲሑ*፡
- ሕጋዊ ዶብ ኤርትራ *ተሓንጺጹ*፡ ኤርትራዊነት *ባድመ* ተረጋጊጹ፡
- *ዶብ ኣብ ባይታ ንምምልካት* ዘድሊ ዘበለ ተዋዲዱ፡ ብሰንኪ ስርዓት ወያኔን *ውዲት* ኣመሪካን ግን ኣይተተግበረን፡
- ወያኔ *ልዕልና ሕጊ* ጥሒሱ፡ መሬት ኤርትራ ኅቢጡ ኣብ ዝኀበጦ መሬት ሰፈራታት መስሪቱ፡
- ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ግን ሓላፍነቱ ተሰኪሙ *ዓገብ ኣይበለን፡*

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ወያኔ *ሕጂ'ውን ኤርትራ ንምውራር* ይወጣወጥ ኣሎ። እንታይ ስለዘሎ ዝብል ሕቶ ንምልዓል ድማ እዚ ዝስዕብ *ሓቕታት* ክጠቕስ እየ፡-

- *ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነት ኢትዮጵያ* ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ዝሕለም ዘሎ ቀቢጻዊ ስጉምቲ መርኣያ ዓቕሊ ጽበትን ዝተፈላለየ ፍሽለታትን ምካኑ፡
- ናይ ሕጂ ዕንደራ'ውን፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ኤርትራን ዞባናን ንዘበናት ሰላም ዝኸልአ *ዝደጋገም ኣመላት'ምበር* ካልእ ዘይምዃኑ፡
- ከም ኩሎም ንምንብርኻኽና ዝተኣልሙ ውዲታት፡ ናይ ሕጂ ዕንደራ'ዉን ብህዝባዊ መኸተና ከምዝቕበር፡

ቀንዲ ምርኣይ ዘድልየና'ምበኣር *ኣብቲ ዕዉት ኤርትራዊ መኸተን ዓወትን ዘሎ ኣንጉዕ ናይቲ ምስጢር* ኢዩ።

*ኤርትራዊ መኸተን ዓወትን - ኣንጉዕ ናይቲ ምስጢር እንታይ'ዩ*

ክውንነት ኤርትራዊ ህዝባዊ መኸተ ምስ ክልተ ተምሳላት ብምትእስሳር ክጠቕሶ እየ። ቀዳማይ እቲ ንታሪኻዊ ውዲታት ዝበድሀን ሕጂ ይኹን ንቀጻሊ መኸተ ዝድርዕን ምስጢርና ዝሓቑፍ ሜዳይ ኢዩ። እቲ ካልኣይ ከኣ እቲ ኣብ መስርሕ ታሪኻዊ ውዲታት ዝበዳህናዮን ንብድሆ ዘሎናን ዝደጋገም ኣመላት (Patterns of Behaviour) ኢዩ።

በቲ ኢልካ በዚ *ህዝባዊ መኸተ መግለጺ ኤርትራዊ ክውንነት* ኢዩ። ሎሚ፡ ጽባሕ፡ ብቀጻልን ብኩሉ መልክዓቱን ኣብ ኩሉ ቦታታትን ኪህሉ ኣዩ። ፟ ኣንጉዕ ናይቲ ምስጢር ግን ኣብ'ቲ ክብርታት ኢዩ ዘሎ። ክብርታት ሓርነት፡ ናጽነት፡ ደሞክራሲ! ነዚ ምስጢር'ዚ ከደዓት

ኣይደፈኑዎን፣ ኣለምቲ ውዲት ኣየምበርከኹዎን፣ ከምቶም ቀዳሞት 'ኣንድነታዊያን፣ ኮማንዶስ፣ ሚሊሻ ስርናይ፣ ቆላማ፣ ራስ-ገዝ' ወዘተ..፣ ናይ ሕጂ ተጣላዕቲ'ውን ካብ ምንባሕ ንላዕሊ ሓሊፎም ኣይዓገትዎን፣ ኩሉ ድማ ሳላ ህዝባዊ መኸተ። እዚ ብትእምርትታት ሽዳ፣ ገመል፣ ናቕፋ ክገልጽ ዝከኣል ክብርታት፣ ሕጂ ደኹን ጽባሕን ንዘልኣለምን ከም ኣካል ኤርትራዊ ኣተሓሳስባ፣ ድርኺት፣ ሕልና፣ ሓድነትን ውዳበን ወትሩ ኣይሃስስን። ስለዚ *ኣብቲ ኣንጉዕ 6 ኤርትራዊ ክብርታት ናይቲ ምስጢር ኢና ብሓባር ንብርብር።* ሓደ ብሓደ ከኣ ክጠቕሶም እመርጽ፣ ሕድሪ ሰማእታት'ዛ ሃገር ስለዝኾኑ!

*ክብሪ 1*፣ ሓድነትና ኣሐይልና፣ መንነትና ኣደልዲልና ውዲታት ሓይልታት ምብትታንን ጥልመት ከዳዓት ተሓባበርቶምን ሰጊርና ህላዌና ዘረጋገጽናን ዝተኸላኸልናን ህዝቢ ኢና። ሕጂ ደኹን ንዘልኣለም ነዚ ኣካል ኤርትራዊ ሰብነት ኮይኑ ነጊሱ ዘሎ ስነ ኣእምሮ ተሓንጊጥና ከም ዝሓለፉ ዓወታት ሕጂውን ርጉጽ ዓወት ህዝባዊ መኸተና ኣብ ሓድነትናን ሓያል መንነትን ኢዩ ተመርኲሱ ዘሎ። ስለዚ ኢዩ ከኣ እቲ በዚ ዘይኣምንን፣ ዝጠራጠርን ኣብዚ ምስጢር'ዚ ዘየልቦ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ሰላምን ምርግጋእን ካባና ሓሊፉ መሰረት ሰላም፣ ሰናይ ጉርብትናን ድልዱል ምትሕግጋዝን ዞባና ኪኸውን ጽዒርናን መስዋእቲ ከፊልናን ኢና። እዚ እምነት'ዚ ሕጂ'ውን ኣቦ ቦታኡ ኣሎ።

*ክብሪ 2፥* ሃገር ንክትህሉ ኣብ ነብስወከፍ ስድሪ መሬትን ብነብስወከፍ ስድራቤትን መስዋእቲ ብሉጻት ዜጋታት ተኸፊሉ ኢዩ። ብትኳቦታት ኣይተምበርከኽናን፣ ብራዕድን ምፍርራሕን'ውን ኣይተሰናበድናን፣ ምኽንያቱ ንኩሉ ብመስዋእቲ ስለዝሓለፍናዮ፣ ሕጂውን ንዘላቒ ህላዌ ሃገር ዘይነጽፍ ተወፋይነት ሒዝና ደው ኢልና ኣሎና። ስለዚ እቲ ካልእ ሸነኽ ናይቲ ምስጢር'ምበኣር መስዋእቲ ኢዩ። መትከልና ቅድም-ቀዳድም ሃገራዊ ድሕነት ዝብል ስለዝኾነ ከኣ፣ መስዋእቲ ብሂወት ካብኡ ሓሊፉ ብግዜ፣ ዓቕሚ፣ ገንዘብ፣ ማተሪያልን ካልእን፣ ትማሊ ከምዝኸፈልናዮ ሕጂውን ድሕር ኣይንብልን። ነዚ ክብሪዚ ኣነኣኢስካን በሪዝካን ከም ባህላዊ ውርሻ ንከይሰጋገር ዝካየድ ተደጋጋሚ ተጻብኦ ከምዘሎ ግን ኣዳዕዲዕና ንፈልጥ ኢና። ሕጂ ዝጥጃእ ዘሎ ወራር'ውን መቐጸልታኡ ኢዩ። ሕድሪ ሰማእታትና ስለዝኾነ፣ ዘላቒ ህላዌ ዘለዋ ሓያልን ዘይትድፈር ሃገር ክሳብ ንምስርትን፣ ውሉድ-ወለዶና ንሃገር ቅድሚ ኩሉ ሰሪዕና *መስዋእቲ ንምኽፋል ዘሎና ተወፋይነት* ኢዩ ሕጂ'ውን ኣብቲ ኣንጉዕ ዘሎ ምስጢር! *ኣብዚ ዘየልቦ ከኣ ድሓንዩ ብደዉ ከምዝሞተ'ዩ!*

*ክብሪ 3፥* ከም ወትሩ ህላዌና ከነረጋግጽ ሎሚውን እቲ ተዛማዲ ብልጫና ኣብ ዕዉት ምክታት ኩሉ ዝርካቡ ጸጋታትና፣ ኣብ ዝለዓለ ምውዳብ ኩሉ ሃገራዊ ዘበለ ዜጋን ምዝያድ ሃገራዊ ዓቕምናን ምዃኑ ካብ ዝሓለፈ ንላዕሊ ሎሚ ዝያዳ ይደምቕ። ናይ ትማሊ *'ሓፋሽ ይንቃሕ፣ ይዕጠቕ፣ ይወደብ'* ኣተሓሳስባን ግብርን፣ ምስቲ ናይ ሎሚ *'ክብርታትና ዳግም ምሕዳስ'* ዝብል ዕጣቕ፣ ብናይ *'ወፍሪ ሎሚ ራህዋ ጽባሕ'* ዝብል ደራኺ ስጉምትታት፣ ኩሉንትናና ከንክትት፣ ብኩሉ መልክዓት ክንውደብ፣ ኩሉ ዝርካብና ናብ ሃገራዊ ዓቕሚ ሰኩዕና ፋሕተርተር ክንብል ዝደፍእ ናይ ወትሩ ባህልና ኢዩ። ዋርሳይ-ይከኣሎ ውሕስነት ናይዚ ምስጢር'ዚ ዘረጋገጸ ሓድሽ ተርእዮ ስለዝኾነ ከኣ ኢዩ ካልእ ዕንደራ ዝነቕል ዘሎ። እከይ ንቕሎ ስለዝኾነ ሕጂውን ህዝባዊ መኸተ! *ንዝሰፍሐ ምኽታት፣ ንዝሓየለ ውዳበን ዝሓየለ ሃገራዊ ዓቕሚ ንምፍጣርን!*

*ክብሪ 4*፣ ብገዛእ ነብስና ውሳኔና መሊኽና ከይተምበርከኽና ፋሕተርተር ምባልና ያኢ ሕማቕ ኣብነት ንካልኦት ተቐጺሩ፣ ተጻቢኦሞ። መስገደል ገድሊ ዝተዓወተ፣ ህንጸት ሃገር መሰረት ዝሓዘ፣ ምኽልኻል ሃገር ዝሰወደ፣ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ ልምዓታዊ ንጥፈታት ንህላዌ ሃገር ዘተኣማመነ፣ ስንና ነኪስና ብዓቕልን ተወፋይነትን ነዚ ስለዝሰራሕናሉ ኢዩ። እዚ ካብ ኣተሓሳስባና ዘይወጽእ ብግብሪ ከኣ ንድሕሪት ዘይምለሰሉ ደረጃ ዝበጽሐ ሓድሽ ኤርትራዊ ክውንነት ኢዩ። ርእሰ ሓያላን ኪበራረያ መንዶ ነይሩ ኢዩ ኣጆኻ ዝበለና ብዘይካ ትንዕ ክብል? ሃገር ንምህናጽ ደኹን ንምኽልኻል ብዘይካ ጽንዓትናን መኸተናን እንታይ ካልእ'ዶ ነይሩና?

ሎሚውን ካልእ ቃንቃ የልቦን ብዘይካ *ነብስና ኪኢልና ነቲ ርጉጽ  ዓወት ክንረባረብን* ናብ ቀጻሊ መኸተ ከአ ከም ገመልና ክንስጉምን።

*ክብሪ 5*፡ ንባህርይ ናይ ኩሉ እቲ ዘካየድናዮ መኸተን ዓወታትናን ካብ ዝገልጹ ምስጢራት ሓደ እቲ ብሩህ ራእይ ዝዓጠቐ ሓያል ኣመራርሓ ኢዩ። ኣመራርሓ ብቅኑዕ መስመር፡ ውህደት ኣተሓሳስባ፡ ንነዊሕ ዝጠመተ ዕላማ፡ ንጹርነት ኣከያይዳ፡ ኣብ ረብሓ ህዝቢ ዝተመስረተ ካብ ገበንን ብልሽውናን ዝረሓቐ ስርዓትን ሓላፍነታዊ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ኩሉ ሜዳያትን ሕጂ'ውን ኣሎ። ንገለ እናኣንበርኸኸካ፡ ንገለ እናኣስዳዕካ፡ ብናይ ሓጺር ጥቕምታት ንካልኦት እናኣህመልካ፡ ካብኡ ሓሊፉ ኣመራርሓን መሪሕነትን እናኣጸልምካን ዝተገብረ ፈተነ ሳላ ንቕሓትን ጽንዓትን ህዝቢ ፈሺሉምበር ክንደይ ዘይተፈተነ። መሳርዕና ከም ቀደሙ ስለዘሎ፡ ኣብዚ ህዝባዊ መኸተዚ ይኹን ኪኖኡ ንቀጻሊ መኸተ *ምስ ኣመራርሓናን መሪሕነትናን ደው ኢልና ንዘላቒ ህላዌና ኣብ ጉዕዞ ምህላውና ኢዩ ከአ እቲ ክፋል ናይቲ ምስጢር።*

*ክብሪ 6*፡ ታሪኽ ኤርትራዊ ህዝባዊ መኸተ፡ ብሓደ ኣገዳሲ ምስጢር ይግለጽ። *ንቃልሲ ናጽነት ዘዐወተት ኤርትራዊት ጋለንስተይቲ*፡ ኣብ ህንጸት ሃገር ወሳኒ ተራ ኣርእያ ኢያ። ኩሎም ሓለምቲ ረሲዕሞ ይኹኑ'ምበር፡ ኣብቲ ፈታኒ ህሞት ሳልሳይ ወራር፡ *'ወያኔ ደጊም ናብ ኣስመራ ክንኣቱ ዝተረፈ የልቦን'* እናለ መዳፍዑ ናብ ዶብ ኤርትራ እናኣቕረበ እንከሎ፡ ንድፋዕ ገጻ ብምኽታትን ዘለዋ ብምንጋፍን 'እዛ ሃገርዚ'ኣ ተንበርኺኽን ጠላምን ኣይወለድትን' እናበለት ደቓን ሰብኡታን ዘሰነቐትን ዘመከተትን *ኤርትራዊት ኣደ፡ ሕጂውን ኣብ ቀደማ ኣላ። ኣብ ቀደምክን ኣለኹንኹ።* ዓቢ ክፋል ናይቲ ምስጢር!

ብካልእ ሸነኽ ምስትብሃል ዘድልዮ ግን እቲ ኩሉ ግዜ ማዕረ-ማዕረዚ ምስጢርና ዝተጋዕዘ ቀጻሊ ተጻብኦታትን ከደጋገም ዝጸንሐ ሕጂ መልክዑ ጥራይ ቀይሩ ዝገሃድ ዘሎ እዚ ዝስዕብ 5 ዝደጋገም ባህርያት (Patterns of Behaviour) ክንምክት ምኻና ኢዩ። ምኽንያቱ ሰላምን ምርግጋእን ኤርትራ ይኹን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ምፍላሾም ስለዝምርኮስ ኢዩ።

- *ስነ-ሓሳብ ምስፍሕፋሕን ፖለቲካ ምግባትን ላዕልነትን፡*
- *ብግዳማዊ ደገፍ ልዕለ-ሓያላን ዝተሰነየ  ዓመጽ፡-*
- *ሸፋቱ፡ ግብረ-ሽበራዊያን፡.... ናይ ወትሩ ልሳን፡-*
- *ብምስምስ ሰላም ዝምኽነ መዓልቱ በሊዑ ዝመክን ውዲታት፡-* ምእንቲ ሰላም እዚ ዞባ፡ ንኤርትራ ገንሸል ዝገብር ተጻብኦ፡
- *ዕሱብ ወኪል ምጥራይን ምጥቃምን፡-* ዘልኣለም ከደምቲ ምኻን፡ ይገርመና ኣሎ ከመይ ኢሎም ክሳብ ሎሚ ዘይተማህሩ!
- *ንኢትዮጵያ ከም ዞባዊ ሓያል ምጥፍጣፍ፡-* ብዋጋ ካልኦት ሃገራት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከም ዞባዊ ሓያል ንምጥፍጣፍ ዝተገብረ ከንቱ ፈተነ!
- *ትንግርቲ* (Myth) *ዘላቒነት ዘይብላ ኤርትራ፡-* ኤርትራ ውሑስ ቁጠባ ዝሰረቱ ዘላቒ ህላዌ የብላን እናተባህለ ኪካየድ ዝጸንሐ ውዲታት መዳርግቲ የብሉን። ን60 ዓመት ብምጽወታ ጅሆ ዝሓዝካያ ሃገር እናሃለወት፡ ኤርትራ ብከምዚ *ትንግርቲ* ምሓዛ ጸወታ ኢዩ።

ዞባና ክሳብ ሎሚ በዚ ዝደጋገም ኣመላትዚ ኢዩ ብቀጻሊ ኩናት ኪህወጽ ጸኒሑ። ንኤርትራ ንምዕናውን ህላዌኣ ንምሕኻኽን ዝተሃንደሰ ድማ ኣካል ናይዚ ኢዩ። መድርኽ ቀጻሊ መኸተታት

ኪኸውን ድማ ባህርያዊ። ስለዚ ኢና ድማ ንቀጻሊ መኸተ ድሉዋት ንብል ዘሎና። ስለምንታይ ቀጻሊ መኸተ?

## ስለምንታይ ቀጻሊ መኸተ?

እቲ ኣንጉዕ ናይቲ ምስጢር ብሓባር ፈቲሽናዮ ኢና። ብዘይ እዚ ብቀጻሊ ንሃገራዊ ድሕነትና ዝፈታተነ ተጻብኦ ኣይምተበደሀን። ሕጂውን ኣይዓረፈን፡ ህላዌና ኪሓኽኽ ዝጽዕር እዚ ዝስዕብ ሰለስተ ሽነኻት ዘለዎ ተጻብኦታት ስለዝኾነ ከኣ ብቀጻሊ ክንምክት መብጻዓና ነሐድስ ኣሎና፦

- ኣብ ሓያል ኤርትራዊ ሰብ ዝተመርኮሰ ዘላቒ ውሕስነት ዘለዎ ሕብረተ ሰብን ሃገርን ከይንምስርት ህላዌና ምፍትታን፡
- መስዋእቲ ከፊልና ዘማዕበልናዮ ናጻ ናይ ምኻን ኣተሓሳስባ ቀጻልነት ንከይህልዎ ዝገብር ተጻብኦ፡
- ባህርያዊ ትዕድልትና (ባህርያዊ ትሕዝቶ ኤርትራ፡ ተዛማዲ ብልጫታታ፡ ወደባታን ጸጋታቱን፡ ወዘተ)፡ ንዘላቒ ህላዌን ልምዓትን ብርትዓውን ሓላፍነታውን መንገዲ ምስ ዕ ድል ቀጻሊ ወለዶታት ኤርትራ ኣዛሚድና ከይንረብሓሉ ዝደናደን ተጻብኦ፡

መልሲ ናይዚ ኩሉ ቀጻሊ መኸተ ጥራይ ኢዩ። ነዚ ሕጂ ዝለዓል ዘሎ ወራር ጥራይ ዘይኮነ፡ ክኒኡ ሳዕቤናቱ ንምውጋድ ምምካት'ውን ግድን ኢዩ። ካብኡ ሓሊፍካ እቶም ንቀጻሊ ህላዌና ዝትንክፉ ተጻብኦታት ብኹሉ መልክዓትን ከከምኣመጻጽኣኡን ብቀጻሊ ምምካት'ውን ኣሎ። ንሃገራዊ ድሕነት መኸተ፡ ንልምዓት መኸተ፡ ኣተሓሳስባና ንምሕያል መኸተ፡ ንቀጻሊ ለውጢ መኸተ፡ ክብርታትና ንምሕዳስ መኸተ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ሓይልና ንምድልዳል መኸተ፡ ንባህሊ ሰውራ መኸተ፡ ኣብ ውሕስነት መግቢ መኸተ፡ ... ወዘተ... ኮታ ብኹሉ ሽነኽ መኸተ ኢዩ እቲ ቃንቃ።

ብካልእ ኣዘራርባ ዘላቒነት ዘለዎ ድልዱል መንግስትን ሓያል ቁጠባን ነቕ ዘይብል ማሕበራዊ ቅርጽን ዝመልኽ ሃገረ ኤርትራ ክሳብ ንምስርት ቀጻሊ መኸተ እምነትናን ግብርናን ኪኸውን ኢዩ። ኩላትና ከኣ በዚ ተዓጢቕና ኣሎና! ተባሂሉ'ውን ኢዩ፡ 'ብድሆ ንዝመጸ ወራር ቅልጽመይ እነሆ'! ትማሊ መኪትና ኢና፡ ሎሚ-ጽባሕ መኸተ፡ ....... ቀጻሊ መኸተ ድማ ኮይኑ ኣሎ እቲ ጭርሖና። ኣብዚ ናይ ሕጂ ወራር ፍሉይ ጠመተ ዘድልዮ ግን መኸተን ልምዓትን ንርጉጽ ዓወት ኢዩ። ስለምንታይ!

## መኸተን ልምዓትን ንምንታይ?

ክንበጽሖ እንደሊ ሽቶ ጌና ሓያል ጻዕሪ ክሓተናኺ እንተኾነ፡ ብክልተ እግርና ረጊጽና ምህላውና ንባዕሉ ኣገዳሲ ክፋል ኤርትራዊ ክውንነት ኮይኑ ኣሎ። ሳላ ዋርሳይ-ይከኣሎ፡ መዳርግቲ ዘይርከቦ ዕዉት ንጥፈታት ልምዓት ኣብ ኤርትራ ንቡር ፍጻሜ ኢዩ ኮይኑ። እዚ'ውን ኣብ ጽንኩር ኩነታት ዝገሃድ ዘሎ ክውንነት ምኻኑ ከኣ ብዝያዳ የሐብነን። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት፡ ነዚ ካብ ምድልዳልን ምቕጻልን ሓሊፍና ከኣ ካልእ ምርጫ የብልናን። ሓደ ካብቲ ዕ ላማታት ናይዚ ሕጂ ንርእዮ ዘሎና ሽበድበድ ድማ ነዚ ኣብ ዝሓለፈ 4 -5 ዓመታት ብመሪር መስዋእትን ሓያል ወፍርን ዝተኸሰበ ምዕባሌታት ንምዕንቓጽ ምኻኑ ብዘይካቶም ሃገር ዘይንታዮም ኩሉ ሃገራዊ ዜጋ ኣስተብሂሉሉ ኣሎ።

እምበኣር ልኡላዊነትና ንምኽባር ዘሎና ቀደምትነት ኣብ ቦታኡ ኮይኑ፡ ምምልካት ዶብ ናይ ምድንጋዩ ውዲት ሃምናን ቀልብናን ኣይጠወየናን፡ ካብ ልምዓት ኣይረሓቕናን፡ ዋኒንና ካብ

ምስላጥ'ውን ኣይደሓርናን። እዚ ኣብዚ ሕጂ እነካይዶ ምኽልኻል ሃገር ከም መሰረታዊ ጉዳይ ቆላሕታ ሂብና ኢና ከኣ መኸተን ልምዓትን ንርጉጽ ዓወት ብዝብል ተዳሊና ዘሎና።

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታትን ልምዓታዊ ምዕባሌታትን ኣብ መጻኢ ነብሱ ዝኸኣለ ሰፊሕ ሰሚናር ከነካየደሉ'ኳ እንተኾንና፣ ቅንጣብ ካብቲ ሓቂ ናይቲ ክውንነትና ንምጥቃሱ ተባሂሉ ክለዓል ዝኽእል ግን ኣሎ። ሎሚ ኤርትራ ሓያል ናይ ምግባር ሃገራዊ ዓቕሚ ደሊባ ኢያ። ንኣንጻር ሕልምታት ተጻባኢቲ፣ ቁጠባ ኤርትራ ኣይተፈራከሸን ምኽንያቱ ከኣ ቁጠባዊ ምርግጋእ ንምምጻእ ዘኽእል መሰረት ብምጥጣሕ፣ እቲ ወትሩ እንጽዕረሉ ምምሕያሽ ኩነታት ናብራ ህዝቢ ኪረጋገጽ ርሑቕ ዘምኻኑ ተረጋጊጹ ኣሎ። ኣብ ሃገር ዝካየድ ዘሎ ምህናጽ ቁጠባዊ ትሕተ-ቅርጺ (ሓጽብታት፣ ድልድላት፣ ጽርግያታት፣ ትሕተ-ቅርጺ ኤለክትሪክን ማይን፣ ዝተፈላለዩ ማሕበራውን ቁጠባውን ትሕተ-ቅርጽታት) ዘሐብን ኢዩ። ሰብኣዊ ዓቕሚ ንምክዕባት ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ትምህርቲ ንባዕሉ ወሳኒ ተራ ኤርትራዊ ሰብ ዘሐይል ምዃኑ ኣረጋጊጹ ኣሎ። ልዕሊ ኩሉ ግን ፖለቲካውን ማሕበራውን ትካላትን ናይ ምሕደራ ብስለትን ንምጥራይ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ምስ ናይ ኩሉ ብድሆታቱ ምርግጋእ ሃገር ዘውሓሰ መሰረታዊ ረቛሒ ኢዩ።

እዚ ንኩላትና ዝያዳ ሓላፍነት ዘሰክም ኢዩ። ስለዚ ኣብዚ እዋንዚ ኩሉ ዜጋ ኣብዞም ዝስዕቡ ሰለስተ መሰረታዊ ሽቶታት ህዝባዊ መኸተ ኢዩ ከተኩር፣-

- ተጻባኢቲ ናብቲ ዝሓልምዎ ዘላቒ ህላዌ ዘይብሉ ሃገር ንምብጻሕ ብቐዳምነት ዝደፍእሉ ምብትታንና፣ ምልሕላሕ ሓድነትን ካብ ሃገራዊ ጉዳያት ምእላይን ስለዝኾነ፣ *ንሃገራውነት ጸኒዕካ ደው ምባል*፣ ህዝባዊ መኸተ ብሓደ ቃል!

- ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ዓንቒፍካ እቲ ሃገር ኣብ ፍጹም ምንዕዓብ ንምእታው ዘሎ ሕልሚ ኣብ ቦታኡ ስለዘሎ፣ ሕጂውን *ኣብ ልምዓታዊ መደባት ምስ ሃገርን መንግስትን ምስላፍ፣* ሕጂ'ውን መኸተ!

- ኣብ ኤርትራ ኪስስን ዝጸንሐ ሃገራዊ ዓቕሚ ብዝሓየለ መንገዲ ኣብ ኩናት ቆሪንካ ንምዕ ናውን ንምልማሱን ስለዝሕልኑ፣ *ምሕያልን ምዝያድን ሃገራዊ ዓቕምና ከም ዒላማ ምውሳድ፣*

ብሓጺሩ መኸተን ልምዓትን ንርጉጽ ዓወት ብዝብል እምነት ተዓጢቕና ኣሎና። ምኽንያቱ ቅድም-ቀዳድም ሃገራዊ ድሕነትና ስለዝኾነ! ኣብ ግዜ ኩናት ይኹን ኣብ ድሕረ ኩናት ዝህሉ ሳዕ ቤናትን ኩነታትን መኸተ ኪሓትተና ኢዩ። ፖለቲካውን ስነሓሳባውን መንገድና ቀጻልነቱ ንምሕያል፣ ልምዓታዊ ኣንፈት ንምርግጋጽ ዝቐንዐ ማሕበረ-ቁጠባዊ መኸተ፣ ሃገራዊ ዓቕምና ንምስማርን ንምድልዳልን ሕጂውን ኣካል ናይቲ ሕጂ እንውጥኖ ህዝባዊ መኸተ ተወሲዱ ኣሎ። ስለዚ ነዚ ኩሉ ኣብ ግምት ዘእተወ*ኣተሓሕዛን ኣመራርሓን ህዝባዊ መኸተና ኣብዚ ምርኣይ የድሊ።*

*ኣተሓሕዛን ኣመራርሓን ህዝባዊ መኸተ*

ዝጥኞእ ዘሎ ኩናት ጥፉኣት ሓለምቱ ከምዘኸትል ዘጠራጥር የብሉን። በቲ ንቡር ታሪኽ ዘረጋገጾ፣ ከም ተዛማዲ ብልጫ ድማ ዝረአ ምስጢር ከኣ ኢና ንሕዞ። ስለዚ መርሓና፣- ምስጢር ሓድነት፣ ምስጢር ጽንዓትን መስዋእትን፣ ምስጢር ምኽታትን ምውዳብን፣ ምስጢር ነብሰኻ ምኽኣል፣ ምስጢር ሓያል ኣመራርሓ፣ ምስጢር ኤርትራዊት ጋል ኣንስተይቲ ዘቓልሕ ጭጉራፍ ለሚን-ለሚነይ ኣጸቢቆም ከምዝሰምዕዎ ምግባር ኢዩ። በዚ መስረት ኣብ ሕቡራት ንግስነት'ውን እዚ ዝስዕብ መርሓ ህዝባዊ መኸተ ኪህልወና ኢዩ እቲ ሓሳብ፣-

- *ንእዋናዊ ቅልውላው* ጠሚትና ብዛዕባ መኸተ ኣይንሓስብን፡ ስለዚ ንነዊሕ ምጥማት፡ ሕዝ-ግድፍ እናኣበልካውን ኣይኸከውንን ስለዚ ከም መሰርሕ ኪረአ'ዩ፡ ቀደምትታት ወሲንካ ብውዱብ መንገዲ ኪተሓዝ፡ ኽኩሉ ግዜ ዘስርሕ ኣተሓሕዛ ብግዜን ቦታን ምሕሳብን መሰረታዊ ኪውሰድ ኢዩ። እዚ ዋጋን መስዋእትን ይሓተና። ስለዚ ኩሉ ኤርትራዊ ብግዜ፡ ዓቕሚ፡ ጉልበት፡ ማተሪያል፡ ገንዘብን ኣወዳድባን ኪስለፈሉን መስዋእቲ ኪኸፍለሉን ኣድማዒ ስትራተጂ ይሕንጸጽ ኣሎ፡
- ህዝባዊ መኸተ ኤርትራዊያን ኣብ ሕቡራት ንግስነት *መሰረት ናይቲ ዕዉት ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ቃልስና* ከምዝኸውን ኪግበር'ዩ፡ ምስሊ ሃገርና ንምቕያር ዝግበር ጻዕሪ ከኣዕማም ኩሉ ኤርትራዊ ኪኸውን የድሊ፡

- ኣብ ህዝባዊ መኸተና ኩሉ ዜጋ ብሓባራዊ ስትራተጂ ኪኸትትዩ። ስለዚ ሓሙሽተ *መሰረታዊ ስትራተጂያዊ ዕላማታት* ሒዝና ብሓባር ክንግስግስ ተበጊስና ኣሎና፡-

  - ብቀጻልን ጭቡጥን መንገድታትን ኩሉ ዜጋ ዝኸትተሉ፡ ዝውደበሉን ዝሳተፈሉን *ምዕ ሩይ ዕድላት* ምስፋሕ፡
  - ንጥፈታትን ኣውዳድባን *ብዙሕነት ዘለዎ* ብምግባር ኣድማዕነት ምርግጋጽ፡ ኣዕሩኽን ፈተወትን ዘሳትፍን ዘላዕልን'ውን ምግባሩ፡
  - *ጽፈት ኣድማዕነትን ዘለዎ* ጻዕርታት ምግባር፡
  - *ሓላፍነታዊ ተሳትፎ* ኩሉ ዜጋ ምድፋእ፡
  - ሓያል ኣመራርሓ ሃሊዩዎ *ብግቡእ ምውጣንን ምክትታልን* ምስናዩ፡ ቀደምትታት ተነጺሩ ድማ ኣድህቦ ዝተሓወሶ ኪኸውን፡

- በዚ መንጽር፡ ኣብ ሕቡራት ንግስነት ዝነብር ኤርትራዊ ነዚ ጻዕሪዚ ንምድማዕ ዘኽእል ሰፊሕን ኣሳታፍን ዝኾነ ቅርጺ ሒዙ ተበጊሱ ኣሎ። እቲ ቅርጺ ኪኖ እቲ ሕጂ ዘሎ ቅልውላው ንቀጻሊ ህዝባዊ ተሳትፎ ትካላዊ መልክዕ ንምትሓዝ ዚሕግዝ ኢዩ። እቲ ቅርጺ ኣብ ለንደንን ካልእ ከተማታትን ዘለዉ ብሓባር ዘዋስእ፡ ንምሉእ ሕቡራት ንግስነትን ኣይርላንድን ዘጠቓልል፡ ኩሉ ኤርትራዊ ሃገራዊ ማሕበራት፡ ማሕበረ-ኮማት፡ ኣካላት፡ ሃገራዊ መርገጺ ዘለዎም ማሕበራት ምትሕግጋዝ ከምዝሓቑፍ ንምግባር ተጀሚሩ ዘሎ ጻዕሪ ድማ ኪሕይልን ኪቕጽልን ኢዩ።

- ህዝባዊ መኸተ ኣብ ኤርትራዊ ስድራ-ቤት ከም ትካል ዓቢ ኣድህቦ ኪግበር ኢዩ ዕላማኡ። ክብርታትና ከም ባህላዊ ውርሻ ውሕስነት ንምሃብ'ውን ካልእ ዝሓሸ ኣማራጺ የብሉን። ስለዚ እታ ሽማግለ በቲ ወጺኡ ዘሎ ስትራተጂ ህዝባዊ መኸተዓቢ ግምት ክትህቦ መሰረታዊ ዕማም ኮይኑ ኣሎ።

ብካልእ ሸነኽ ኣስተብህሎ ዝሓትት ክልተ ጉዳያት ጥቕስ ከብሎ እየ። ብቐጻምነት ዝለዓለ ቆላሕታ ዝሓትት እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊያን ተኣዊጁ ዘሎ ስነ ኣእምሮኣዊ ኩናት ኢዩ። ከም ኩሎም ዝሓለፉ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ወያኔ'ውን ኣብዚ ሕጂ ናይ ዓቕሊ ጽበት ግዜኡ ሓሶታትን ጠቐነን፡ ምፍርራሕን ምጉብዕባዕን ኣዕሪጉዎ ኣሎ፡ ቀቢጻዊ ስጉምቲ'ውን ክትስዕብ ኢያ። ስትራተጂ ሓሶታትን ናይ ምድግጋም ባህርያቱን ኩሉ ዜጋ ከስተብሃለሉ ዘለዎ ጉዳይ ኮይኑ። 03 መጋበርያ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናት ብምኻኑ ብህዝባዊ መኸተ ኪድምሰስ ኢዩ።

ካብዚ ሓሊፉ'ውን መዓልቲ በሊዑ ሓመድ ዘንፈፉ ኤርትራ ንግብረ-ሽበራዊያን ተኣንግድ ኢያ..... ወዘተ ዝብል ደርፊ መጽረይ ኣፍ ተጻባእቲ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ድሕሪ ፍሽለት ኩሉ እቲ ዝተገብረ ውዲታትን ዝተኻየደ ተጻብኦታትን ይኹን ኣብ ሶማል ዘጋጠሞም ፍሽለት ንምኽዋልን ኤርትራ ንምንጻል ዝጥቐመሉ ዘለዉ ጸወታ ስለዝኾነ መዓልቲ በሊዑ ዝጠፍእ ኢዩ። ኣብ ዘዝድለይሉ ንምቕላዕ ግን ግምት ምሃቡ።

ኣብ መደምደምታ'ምበኣር እቲ ጥሙሕናን ድሌትናን ተወፋይነትናን ዝገልጽ ጭርሖታትና ኣብ ኣብ ነብስወከፍና፣ ኣብ ኩሉ ስድራ-ቤታት፣ ኣብ ኩሉ ቦታታትን ማዕረ ባንዴራና ከምዘቼጸልጽልን ሰማይ ከምዝዓርግ ምግባርን ከምዘድሊ ክጠቕስ እፈቱ። ኣብ መዓልታዊ ሂወትና እዚ እምነት'ዚ ወትሩ ህያው ኮይኑ ዚጎልሕ ድማ ኢዩ። ኩላትና በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ነዞን ዝስዕባ ጭርሖታት ከነቓልሕ ብክብር እጽውዕ፡-

- ቅድም-ቀዳድም ሃገራዊ ድሕነትና
- ትማሊ፣ ሎሚ-ጽባሕ መኸተ ……. ቀጻሊ መኸተ
- መከተን ልምዓትን ንርጉጽ ዓወት

ዘላኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!